Orientation to Ontario

ጥዕናዊ ሳዕቤናት ካናቢስ

ካናቢስ ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ምዕባለ ሓንጎል ዝቆጻጸር ባዮሎጂካዊ ስርዓት እዩ መጥቃዕቲ ዘውርድ። መንእሰያትን ዓበይቲ መንእሰያትን ድማ፡ ብሰንኪ ካናቢስ ጉድኣት ኪጋጥሞም ዝለዓለ ተኽእሎ ዘለዎም እዮም፣ ምኽንያቱ፡ ሓንጎሎም ክሳብ ክባቢ ደቂ 25 ዓመት ዝኾኑ ስለዝምዕብል። ካናቢስ ክትጥቀም ኣቐዲምካ ብዝጀመርካዮ መጠን፡ እቲ ክበጽሓካ ዝኽእል ጉድኣት ብኡ ደረጃ'ዩ ዝለዓ ዝኸውን።

ናይ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ግብረ-መልሲ ብዛዕባ ካናቢስ ዝፈላለ'ዩ፣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ድማ ክለዋወጥ ይኽእል።

ብዛዕባ ካናቢስን ኣብ ጥዕና ዘለዎ ሳዕቤንን ዝምልከት ተመሃር።

ነፍሲ-ጾር ክለኹ ወይ እናጥበኹ ካናቢስ ክትክኽ ይኽእል ዶ?

ልክዕ ከም ቱምባኾን ኣልኮላዊ መስተን፡ ሓንቲ ነፍሲ-ጾር ጓሰንስተይቲ ወይ ሓንቲ ሓዳስ ኣደ ድማ፡ ካናቢስ ክትጥቀም ክላ፡ ነቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ድቂ ወይ ነቲ ሓዲሽ ዝተወልደ ህጻና ሳዕቤን ክኽትለሉ ይኽእል እዩ። ኣብ እዋን ጥንሲ፡ ኣብ ካናቢስ ዝርከብጥረ-ነገራት፡ ብናይ እታ ኣደ ደም ጌሩ ናብ'ቲ ኣብ ከብዳ ዘሎ ድቂ'ዩ ዝኸይድ። እቲ ህጻን ምስ ተወልደ'ውን፡ ናብ ጸባ ጡብ ይሓልፍ። እዚ ከኣ፡ ነቲ ቆልዓ ናይ ጥዕና ጸገም ከስዕበሉ ይኽእል። ኣብ እዋን ጥንሲ ወይ ኣብ እዋን ምጥባው፡ ክንደይ ዝዓቕኑ ካናቢስ ምውሳድ'ዩ ጉድኣት ዘየስዕብ ክሳብ ሕጂ ዝተፈልጠ ስለዘየለ፡ እቲ ውሑስ ኣገባብ ካናቢስ ዘይምጥቃም እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ወይ ሓገዝ እንተደሊኻ፡ ምስ ክንክን ጥዕና ዝህበካ ክትዛረብ ተመራጺ እዩ።

ካናቢስ ምትካኽ (schizophrenia) ስኪዞፍረንያ ክለዓዕል ይኽእል ዲዩ?

ሸሕ እኳ እቲ ቀንዲ መካኒዝም ብዝዓበየ መልክዑ ጌና ዘይተፈልጠ እንተሃለወ፡ ኣብ ገለ ሰባት፡ ካናቢስ ምጥቃም፡ ከም ስኪዞፍረንያ ዝኣመሰለ ተኽእሎ ምምዕባል ሕማም ኣእምሮ ዘወስኽ እዩ። እዚ፡ ብፍላይ ኣብዞም ዝስዕቡ ሰባት ሓቂ እዩ፡

- ኣብ ንኡስ ዕድሜኡም ካናቢስ ምጥቃም ዝጅምሩ፡
- ብዘይ ምቁራጽ ካናቢስ (መዓልታዊ ወይ ዳርጋ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ መዓልቲ) ዝጥቀሙ፡
- ውልቃዊ ወይ ስድራቤታዊ ታሪኽ ናይ ስኪዞፍረንያ ዘለዎም።

ሓንጎል፡ ክሳብ ክባቢ ደቂ 25 ዓመት ምሉእ ብምሉእ ከምዘይምዕብል ብመጽናዕቲ ተረጋጊጹ ስለዘሎ፡ ብፍላይ መንእሰያት ንሳዕቤናት ካናቢስ ዝተቓልዑ እዮም። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ፡ እቲ ኣብ ካናቢስ "ሓፍ ዘብል" ዝህብ THC ዝተባህለ ጥረ-ነገር፡ ነቲ ንምዕባለ ሓንጎል ዝመርሕ ኣብ ሓንጎል ዝርከብ ማሺን እዩ ሳዕቤን ዘውርደሉ።

ልዑል ዓቕን ፍርያት ካናቢስ ምውሳድ፡ ምስ ዝለዓለ ተኽእሎ ምምዕባል ስኪዞፍረንያ ምትሕሕዝ ከምዘለዎ ክትነቕሓሉ'ውን ዘለካ እዩ። ምውሳድ ካናቢስ ምቁራጽ ወይ ምጉዳል፡ ዘተባብዕ ውጽኢታት ከምዘለዎ ኣርእዩ እዩ። እንተኾነ፡ ዋላ ካናቢስ ምውሳድ ይቋረጽ፡ ኣብ ጥዕና ዘጋጥሙ ገለ ሳዕቤናት ምሉእ ብምሉእ ናብ ንቡር ዘይከምለሉ ይኽእሉ እዮም።

ካናቢስ ብምጥቃም ዝርከቡ ፍሉጣት ረብሓታት እየኖት እዮም?

ካናቢስ ወይ ትሕዝቶ ቀመማቱ (ካናቢኖይዳት)፡ መድሃኒታዊ ጥቕሚ ከምዘለዎ ገለ መርትዖታት ኣለዉ። ብዙሓት ካናዳውያን፡ ካናቢስ፡ ንሕክምናዊ ዕላማ፡ ንጸገማት ጥዕና ማለት ከም ሕዱር ቃንዛ፡ ዕርግር/ምስ ቀመማዊ ፍወሳ መንሽሮ (ኬሞቴራፒ) ዝተሓሓዝ ተምላስን ምስ ብዙሓት ምትራር ትሹታት (ስክለሮሲስ) ዝተኣሳሰር ምንፍርፋርንንምፍዋስ ከምዝጠቅም ይዛረቡ። ካናቢስ፡ ንጥዕናዊ ጸገማት ተባሂሉ ብገለ ሰባት ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል'ኳ እንተኾነ፡ ምልክታት ናይ ውልቀ-ሰብ ንምፍዋስ ብቑዕ ዲዩ ኣይብቑዕን ንምውሳን ግን፡ ምስ በዓል ሞያ ክንክን ጥዕና ብምዝርራብ'ዩ ዝግበር።

Health Canada (ጥዕና ካናዳ)፡ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ካናቢስን ትሕዝቶ ቀመማት ካናቢስንሕክምናዊ ዕላማታትን ዝምልከት፡ ንሰብ ሞያ ክንክን ጥዕናንካናቢስ (ዕጸፋርስ) ክጥቀሙ ሕጋውነት ዘለዎም ተሓከምትን ሓበሬታ ኣለዎ።

እዚ ድማ፡ ብዛዕባ ልዑል ተኽእሎ መድሃኒታዊ ጥቕሚ፡ ዓቕን መድሃኒት፡ መጠንቀቕታታትን ኣሉታዊ ሳዕቤናትን ዝምልከት ሓበሬታ ዘጠቓለለ እዩ። ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ኣብ canada.ca/en/health-canada/topics/cannabis-for-medical-purposes.html ብጻሕ።

ሳዕቤናት ካልኣይ ደረጃ ምትካኽ ካናቢስ(ዕጸፋርስ) እንታይ እዩ?

ዝኾነ ዓይነት ምትካኽ ጎዳኢ እዩ። መጽናዕትታት ኣረጋጊጾም ከምዘለዉ፡ ትሕዝቶ ምትካኽ ካናቢስ ማዕረ ናይ'ቲ ምትካኽ

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada
Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada